# ማሕበራዊ ፍትሒ ንመንእሰያት ኣብ ቤት ትምህርቲ

Tigrinya



## መወከሲ


http://www.justice.gc.ca/eng/rp-pr/csj-sjc/jsp-sjp/rp02_8-dr02_8/p6.html

http://en.unesco.org/themes/women-s-and-girls-education

http://www.genderandeducation.com/resources-2/inclusion/promoting-gender-equality-in-schools/

http://www.theatlantic.com/education/archive/2014/03/the-never-ending-controversy-over-all-girls-education/284508/

https://blogs.unicef.org/evidence-for-action/migrant-children-face-higher-rates-of-bullying/

http://international.gc.ca/world-monde/aid-aide/child_soldiers-enfants_soldats.aspx?lang=eng

http://rightsofchildren.ca/wp-content/uploads/2016/01/CCRC-report-on-rights-of-children-in-Canada.pdf

https://www.bullyingcanada.ca/what-is-bullying

http://www.legalrightsforyouth.ca/rights-and-responsibilities/legal-responsibilities

http://www.legalrightsforyouth.ca/



SASKATCHEWAN SWIS COORDINATION SSC

Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Financé par: Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

Brought to you by:
www.swissask.ca



## ማሕበራዊ ፍትሒ ንመንእሰያት ኣብ ቤት ትምህርትታት

ምውህሃድ ናብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣከባቢ ንሓደሽቲ መጻእቲ መንእሰያት ከቢድ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ቆልዑን ኮተቴን ብቀንዱ ብበዳሂ ዝኾነ ኩነታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ይሓልፉ፣ ከምኒ ባእሲን ምድሃልን። ካብ ንኣብ ካናዳ ዝተወልዱ ሕጻናት ንስደተኛታት ኣዝዩ ዝኸበደ ክኸውን ይኽእል ኢዩ እዚ ነገር እዚ፣ ብሰንኪ ሕሉፍ ተሞክሮን ድሕረ ባይታን። ምልማድ ሕብረተሰብ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ግዜ ይወስድ ኢዩ፣ ኣብ ሓደ ለይቲ ዝኸውን ድማ ኣይኮነን። ንሓደሽቲ መጻእቲ ንኽወሃሃዱን ናይ ትምህርቲ መንፍዓት ከምጹን ቤት ትምህርታት ናተን ተርጎምትን መኸርትን ክህልወን ጽቡቕ ነገር ኢዩ፣ እንተኾነ ግን እዚ ኣብ ኩሉ የሎን። ብተወሳኺ፣ ንገለ ቤት ትምህርታት ጉዳይ ዘይማዕርነትን ዘይፍትሓውነትን ይጸልወን ኢዩ። ካብ ሃገር ናብ ሃገር ናይ ፍትሒ ኣምር ክፈላለ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ካናዳ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ማዕርነትን ምድንፋዕ ሰብኣዊ መሰላት ንኩሉ ሰብ ዘጠቓለለ ኢዩ።



## ናይ ዓሌት ማዕርነት

ካብ ብዙሕ ባህልታት፣ ብሄራት፣ ዓሌትን ትውልድን ዝመጹ ሰባት ንካናዳ ሃገሮም ይገብሩዋ። ካናዳ ብቡዝሕነታ ትሕበን ብዙሕ ባህልታት ትውንን ሃገር ኢያ፣ናይ ካናዳ ቤት ትምህርታት እውን ካብኡ ብዘይፍለ። ኣፈላላይ ብዓሌት ዘይሕጋውን ነቲ ናይ ካናዳ ናይ መሰልን ናጽነትን ቻርተር (Canadian Charter of Rights and Freedoms) ድማ ዝግህስ ኢዩ።ታሪኽ ከም ዝሕብሮ፣ ዝረኣዩ ውሑዳን ከምኒ ደቀባትን ስደተኛታትን ናይ ዓሌትነት ግዳያት ኮይኖም ጸኒሖም ኣብ ካናዳ። እንተኾነ ግን፣ እዚ ከምዚ ዓይነት ዓሌትነት ክኳረጽ ኣድላዩ ኢዩ፣ እዚ ድማ ብምትሕውዋስ ኣብቲ ሕብረተሰብ ክግበር ይከኣል። ናይ ባህሊ ብዙሕነት ክድንፍዕን ብዙሕነት ናይ ካናዳ ኣካል ምኳኑ ምርዳእን ድማ ኣገዳሲ ኢዩ።



## ናይ ጾታ ማዕርነት

ናይ ካናዳ ቤት ትምህርታት ንኣወዳትን ኣዋልድን ማዕረ ኢዮም። ንኽልቲኦም ምፍልላይ ኣድላዪ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ክልቲኦም ጾታታት ሓደ ዓይነት ክብሪ ኣሎዎምን ብሓንሳብ ድማ ብዘይ ጸገም ክኾኑ ይኽእሉን ኢዮም። ዚሓቁፍ ትምህርቲ፣ ጾታ ብዘየገድስ፣ ኩሎም ቆልዑ ኣብ መጻኢ ሓደ ዓይነት ዕድል ከም ዝህልዎም የረጋግጽ። እዚ ኣካል ናይ ካናዳ ሕብረተሰብ ጥራይ ኣይኮነ፣እንታይ ደኣ መሰረት ናይ ብዙሓት ዘመናውያን ናይ ዓለም ሕብረተሰባት ኢዩ። ናይ ጾታ ማዕርነት ማለት ማዕረ ዝኾነ መሰል ንሰብኡት፣ ኣንስቲ፣ ኣወዳት ከምኡ'ውን ኣዋልድ ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ክልቲኦም ጾታ ሓደ ዓይነት መሰልን ሓላፍነትን ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣሎዎም ማለት ኢዩ። ናይ ማዕርነት ናይ ጾታ ምግስጋስ ማለት ኩሎም እቶም ናይ ባህላውያን ክብርታት ንድሕሪት ምግዳፍ ማለት ኣይኮነን። ንውለቀ ሰባት ዘይሃስዩ ልምድታት ክቕጽሉ ይኽእሉ ኢዮም፣ ግን ኣፈላላይን ጭኮናን ልሙድ ነገር ክኸውን የብሉን።



## ናይ ቆልዑ መሰላት



ኣብ ካናዳ ናይ ቆልዑን መንእሰያትን መሰላት ብሕጊ ዝተሓለዉ ኢዮም። ናይ ቆልዑ መሰላት እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥

- ናጽነት ካብ ኩሉ ዓይነት ጎነጽ
- ናጽነት ካብ ድኽነት
- ናጽነት ካብ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥም ምዝመዛን ጾታዊ ምዝመዛ
- መሰል ንጥዕና ዘለዎ ናይ ናብራ ኩነታትን ናይ ጥዕና ክንክንን
- መሰል ንትምህርቲ
- መሰል ሓበሬታ ንምርካብ
- መሰል ንንጹርን ፍሉይን ዝኾነ ኣገባብ ናይ ፍትሒ ንገበነኛ
- መሰል ንናይ ቁልዕነት ክንክንን ምዕባለን
- መሰል ንጸወታ
- መሰል ንስድራቤት፣ መንነትን ባህልን

ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን ቆልዑን መንእሰያትን ነቲ ዝደልይዎ ነገር ብሰብኣውን ብድንጋጸን ብናይ ስደት ሰብ መዚ ርዱእ ክኾነሎም መሰል ኣሎዎም (Convention on the Rights of the Child/ስምምዕ ኣብ ናይ ቆልዑ መሰላት)። እዚ ማለት እቲ ናይ ስደት መስርሕ ቅድሚ ናብ ውሳነ ምብጽሑ ነቲ ቆልዓ ዘርብሖ ነገር ኣብ ግምት የእቱ። ብተወሳኺ፣ መንእሰያት ኣብ ካናዳ ልክዕ ከም ካልኦት ውልቀ ሰባት መሰል ኣሎዎም፣ ከምኒ መሰል ናይ ንጹህነት ክሳብ ገበን ዝረጋገጽ ኣብ ቤት ፍርዲ፣ መሰል ንፍትሓዊ ዝኾነ ፍርድን ከምኡውን መሰል ናጻ ምዃን ካብ ጭኻነ ዘልዎ መቕጻዕቲ።

## ምድሃል

ምድሃል መዓልታዊ ናብራ ናይ ብዙሓት ቆልዑ ኢዩ። እዚ ድማ ዝኾነ ካልእ ተማሃራይ ንምህሳይ ወይ ንምፍርራሕ ተባሂሉ ዝግበር ዝኾነ ባህሪ የጠቓልል፣ ኩሉ ግዜ ከኣ ኣካላዊ ኣይኮነን። ምድሃል ወላ ብቃል ክግበር ይኽእል ኢዩ፣ ከምኒ ምፍርራህን መካፍኢ ዝኾኑ ዘረባ ብዛዕባ ናይ ካልእ ሰብ  ኣካላዊ ትርኢት፣ብሄር፣ ቦታ ትውልዲ ወይ ውን ጾታዊ ዝንባለን። ምፍላያ ካልኦት ቆልዑ፣ ምውራድ፣ ወረ ምንዛሕን ኣካላዊ ማህሰይቲ ምውራድን ኣብነታት ናይ ምድሃል ኢዮም።

ሳዕቤናት ናይ ምድሃል ኩሉ ግዜ ኣሉታዊ ኢዩ፣ ከምኒ ነብሰ ምትሓት፣ ናይ ርእሰ ቅትለት ሓሳባት፣ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገማት ከምኡ እውን ነቲ ዝደሃል ሰብ ናይ ተነጽሎ ጸገምን የጠቓልሉ። ሰብ ምድሃል ብፍጹም ቅቡል ኣይኮነን።



## ናይ መንእሰያት ሓላፍነት ከም መጠን ንቁዓት ዜጋታት

ኣብ ካናዳ ወላ ኣይሰማማዕ ዝኾነ ሰብ ሕጊ ክኽተል ኣሎዎ። ዝኾነ ሰብ ነቲ ሕጊ ከም ዝፈልጦ ኢዩ ዝሕሰብ። እዚ ድማ ኣብ ስልጣን ንዘለዉ ሰባትን (ከምኒ መንግስቲ፣ ውትህድርና ከምኡውን ፖሊስ) ንተራ ዜጋታትን ኢዩ። ኣብ ካናዳ ኩሎም ሰባት መሰላትንናጽነት ይወሃቦም እኳ እንተኾነ ናይ ካልኦት ሰባት መሰላት እውን ከኽብሩ ኣሎዎም። እዚ እንተ ዘይተገይሩ ክስን ኣብ ቤትፍርዲ ደው ምባልን ከስዕብ ይኽእል ኢዩ።

ኩሎም ኣብ ክሊ ዕደመ 12ን 17ን ዓመት ዘለዉ ብናይ መንእሰያት ናይ ገበን ፍትሒ ኣዋጅ (Youth Criminal Justice Act) ይቕየዱ። እዚ ማለት ሓደ ቆልዓ ገበን እንተፈጺሙ፣ ንሱ ወይ ንሳ ናብ ናይ መንእሰያት ገበናዊ ቤት ፍርዲ ክኸይድን ኣብ ቅድሚ ዳኛ ክቐውምን ይኽእል ማለት ኢዩ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ቤት ፍርዲ ብጠበቓ ክስነን ናቱ ሰብኣዊ መሰል ድማ ክኽበርን መሰል ኣሎዎ።

